# ንኡሳን ዘባታት ንልዕሊ 45 ዝዕድሚኦም ሳልሳይ መርፍእ ክታበት ንምኽታብ ክወጣጥና ኣለወን።

**ኲለን ንኡሳን ዘባታት ድሕሪ ነቶም ካብ 65 ንላዕሊ ዝዕድሜኦም ከታቲበን ምስ ወድኣ ነቶም ካብ 45 ንላዕሊ ዝዕድሚኦም ሳልሳይ ሕደሳ-ክታበት ንምኽታብ ዕድል ንክህባ መንግስቲ ሓቲትወን ኣሎ። ንልዕሊ 18 ዝዕድሚኦም ከቢድ ሕዱር ሕማማት ንዘለዎምን ንብምልኦም ሰራሕተኛታት ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና ክንክንን ዝዋፈሩን እውን ንክኽተቡ ዕድል ክዋሃቦም ኢዩ።**

ንኲሎም ልዕሊ 18 ዝዕድሜኦም ሳልሳይ ሕደሳ-ክታበት ንክኽተቡ መንግስቲ ብዕለት 12 ሕዳር ውሳኔኡ ኣሕሊፉ ኢዩ። እቲ መስርሕ ኣከታትባ ብኸመይ ክካየድ ከም ምዃኑ ብዝብል ትካል ህዝባዊ ጥዕና ብወገኑ ዘካየዶ ግምገማ ኣሎ፡ ኣቕሪብዎ ዘሎ ምኽሪ ድማ መንግስቲ ክኽተሎ ኢዩ። እቶም ኣብ መንጎ ክሊ ዕድመ 18ን 45ን ንዘለው እውን ሕደሳ-ክታበት ንክኽተቡ ይወጣጠን ኢዩ ዘሎ።

ንኡሳን ዘባታትና ንመስርሕ ክትበት ብምሉእ ሓይለን ክቕጽልኦ ዛጊት ኣገዳሲ ኢዩ። እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ ዝኾነ ነቶም ልዕሊ 65 ዝዕድሚኦም ሳልሳይ መርፍእ ክታበት ምኽታብ'ዩ፡ ብድሕሪኦም ከኣ ክሳብ ደቂ 45 ዝዕድሚኦም እናወረዱ ንክቕጽሉ'ዩ። መታን ዓቅምታተን ከየውራረዳ ክትበት ሳልሳይ መርፍእ ንኽቅጽላ ንኡሳን ዘባታትና ፍሉጥ መስርሕ መደብ ክትበት ክንፈጥረለን እየ ዝደሊ ይብል ቀዳማይ ሚንስተር ዮናስ ጋኣር ስተአረ።

እቶም ዝበዝሑ ትሕቲ 65 ዝዕድሜኦም በጽሕታት ምሉእ ብምሉእ ዝተኸተቡ ብምዃኖም ካብ ከበድቲ ሕማማት ናይ ምክላኻል ዓቕሞም ሕይል ኢሉ'ዩ፡ እዚ ድሕሪ እቲ ካልኣይ መርፍእ ክታበት ካብ ዝኽተቡ ፍርቂ ዓመት ኣቍጺሮም ክነሰም'ዮም። ከምዚ ለብዒ ብዝተጋነነ ዘስፋሕፋሓሉ ዘሎ ግና፡ ብዝሒ ተላባዕትን ሕሙማንን እናበዝሑ ክመጽኡ ይኽእሉ ኢዮም።

- ለብዒ ብዝተጋነነ እናኣስፋሕፈሐ ኢዩ ዝመጽኣና ዘሎ፡ ሰሩ ድማ ብዙሓት ከበድቲ ሕማማት ይሓሙ ብምዃኖም ኢዩ። ሳልሳይ ሕደሳ-ክታበት ኮሮና ግና፡ ንነፍሰወከፍ ናይ ምክልኻል ዓቕሙ ብዝሓሸ ንከሐይሎ'ዩ፡ ብእኡ ድማ ምስፍሕፋሕ ለብዒ ይግታእን ጽላት ኣገልግሎት ጥዕና ድማ ኣይውጻዕን ክትብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ኢንግቪልድ ሻርኮል ትሕብር።

ውህበት ሕደሳ-ክታበት 6 ኣዋርሕ ድሕሪ 2ይ መርፍእ ክታበት ምስ ተወስደ ኢዩ ዕድል ውህበት ዘሎ። እቶም ኣቐዲሞም ዝተኸተቡን ዝነውሐ ዝተጸበዩን ንኡሳን ዞባታትና ብቐዳምነት ክሰርዖኦም ኣለወን። እቶም ብዝለዓለ ደረጃ ናይ ምክልኻል ዓቕሞም ክጥንክር ዘለዎም ብቐዳምነት ክስርዑን ኣብ ግምት ብምእታዎም ዝሓሊ ስርዓት ኣሰራርሓን ድማ ይኾውን ኣሎ።

ሳልሳይ ክታበት ንኲሎም ሰራሕተኛታት ኣገልግሎት ጥዕናን ክንክንን ምስ ተሓከምቲ ርክብ ዘለዎምን ጥራሕ ዘይኮኑስ፡ ብምልኦም እቶም ኣብ ኣገልግሎት ጥዕናን ክንክንን ዝዋፈሩ ሰራሕተኛታት እውን ሕደሳ-ክታበት ንክኽተቡ ዕድል ክወሃቦም ኢዩ።

ብኸምዚ ንገብረሉ ዘለና ምኽንያት ነቶም ኣብ ኣገልግሎት ጥዕናን ክንክንን ዝዋፈሩ ንምቕሳንን ምስፍሕፋሕ ለብዒ ንምውጋድን ተሓከምቲ ብዝሓሸ ንምጽዋንን ኢዩ ብምባል ሚኒስተር ሻርኮል ብወገና ተተሓሳሰበ።